## እዚ መወዓዊዒ ወረቐት ናይ ምንታይ እዩ?

ናብ ሓድሽ ቦታ ኣብትግዕዘሉ ግዜ፣ ኣብኡ ዘለዉ ሰባት መን ምኻኖምን እንታይ ዝሰርሑ ምኻኖምን ኣብ ዘይትፈልጠሉ ግዜ ናይ ጽምዋ ስምዒትን ምድንጋራትን ክፈጥር ክምዝኽእል ርዱእ እዩ።

ዝተፈላለዩ ለውጥን ምቅይያራትን ሕጂ ንዓኻ ዘጋጥመካ ከምኡ ውን ኣብ ከባቢኻ ዘለው ትሓጋገዝትኻ ከም፣ ኣለይቲ ስድራ፣ ሶሻል ወርከርን ከምኡ ውን ናይ ኢሚግሬሺን ከይዝ ወርከር (ጠበቓታት) ኩሉ ተደማሚሩ ዘፍርሕ ወይ ዘይክኣል ክመስል ይኽእል። በዚ ምኽንያት ዝሓሸ ኣማራጺ ካብቶም ዝንከባኸቡኻ ገዛ ገዲፍካዮም ምህዳም ዝሓሸ ኣማራጺ ከይኑ ክስምዓካ ይኽእል እዩ። ይኹን ድኣምበር ኣብ ከምኡ መደምደምታ በጺሕካ ምስትሓድም፣ኣብ ብዙሕ ሓደጋ ክውድቐካ ወይ ክመርሓካ ይኽእል።

እቶም ዝኣልዩኻ ስድራን ናትካ ሶሻል ወርከርን ንዘድልዩኻ ኣገልግሎታት ብምልኣም ኣብ ምርካብን፣ ንኽህልወካ ዝኽእሉ ሕቶታት ኣብ ምምላስ ክትሓጋገዙኻ እዮም።

## ንድሕነትካ ፍርሃት እንተድኣተሰሚዑካ

ዘጋጥመካ ኩሉ ነቶም ዝኣልዩኻ ወይ ንሶሻል ወርከርካ ከተካፍል ፈትን። ከምኡ ምግባር ኣሸጋሪ ኮይኑ ክስምዓካ ይኽእል ይኸውን፣ ሽግርካ እንተ ኣካፊልካዮም ጽን ኢሎም ክሰምዑኻ እዮም።

ንሂወትካ ዘፍርሕ ዝኾነ ነገር ምስ ዝህሉ ንፖሊስ ክትሕብሮም ትኽእል። ኣብ ዓዲ ኢንግሊዝ ፖሊስ ዘድሊ ምትሕግጋዝ ክገብሩልካ እዮም።

ካብቲ ገዛ ናይ ኣለይትኻ ምስትወጽእ እሞ ድማ ኣበይ ከምዝኸድካ ንኣለይትኻ እንተዘይሓቢርካዮም፣ ወይ ውን ኣብቲ ክትምለሰሉ ዝግብኣካ ግዜ ከይተመለስካ እንተተሪፍካ፣ ንፖሊስ ደዊሎም ክሕብሩ ግዴታ ኣለዎም። ንፖሊስ ስለዝሓበሩ ንዓኻ ዝመጻካ ሳዕቤን የብሉን፣ ይኹን ዳኣምበር ኣለይትኻን ሶሻልወርከርካን ከይመጻእካ መትረፊኻ ብድሓን ምኻንካ ንምርግጋጽ ክብሉ ጥራሕ እዩ።

ኣብዝኾነ ግዜ ህጹጽ ሓገዝ ምስትደሊ
ማለት ፖሊስ - ኣምቡላንስ-ሓደጋ ሓዊ
ኣብ ቁጽሪ 999 ብምድዋል ሓገዝ ምሕታት ይክኣል

ኣልይ
ስም
ተሌፎን

ሶሻል ወርከር
ስም
ተሌፎን



## ናይ እንቓዕ ድሓን መጻእኩም

## መወዓዊዒ ወረቐት



National Counter Trafficking Service

Believe in children Barnardo's

CROYDON | Delivering for Croydon
www.croydon.gov.uk

IOM UN MIGRATION

Tigrinya

## ኣለይቲ፣ ሶሻል ዎርከር ከምኡ ድማ ናይ ኢሚግሬሺን ከይዝ ዎርከር (ጠበቓ)
## እንታይ እዮም ዝሕግዙ?

ኣለይቲ (foster carers) ማለት ከም ሰቦም ዝተፈልዩ ዘይኮኑ ይኹን ኢምበር ምስ ስድራቤቶም ክነብሩ ንዘይካኣሉ ትሕቲ ዕድመ፣ ኢዶም ዘርጊሖም መርሓባ ብምባል ኣብ መንበሪ ገዝኦም ከፊቶም ዝቕበሉ እዮም።

ኣለይቲ ድሕነቱ ዝትሓለወ ክብረት ዝመልአ ኣተሓሕዛ ዘበርክቱ እዮም ኣለይቲ ንዝኣልዩዎም ቆልዑት ኣብ ሂወቶም ንዘጋጥሞም ልዑል ኣቓልቦ ብምሃብ ዝከናኸኑ እዮም

ሶሻል ዎርከር (social worker) ስርሑ፣ ዝኾነ ሰብ ፍሉይ ዝኾነ ሓገዛት ኣብ ዘድልይዎ ሓገዝ ኣብ ምግባር ዝነጥፍ እዩ።

ሶሻል ዎርከር ኣብ ሂወትካ ንዝተፈላለዩ ነገራት ዝትሓጋገዝ ኮይኑ፣ ብዛዕባኻ ቀንዲ ትሓታቲ እዩ፣ ዝተፈላለዩ ሰብ ሞያ ምሳኻ ዝራኸቡ ንኣብነት ምስ ኣለይትኻ ይኹን ካልኦት ሰብ ሞያ ዘለካ ርክብ ብግቡእ ይርድኣካ ምህላዉ ዘረጋግዝ እዩ። ኣብ ዝኾነ ትወስዶ ውሳኔታት ብቐረባ ዝትሓጋገዘካ እዩ።

ዑቕባ እንተሓቲትካ ምስ ናይ ኢሚግሪሽን ጠበቕ ክትራኸብ ኢኻ፣ ንሱ ድማ ብነጻ ሕጋዊ ምኽሪ ኣብ ምሃብም ናይ ዑቕባ መቕረቢ ዝምላእ ክሕግዘካ እዩ።

ብድሕሪኡ ምስ ናይ ኢሚግሬሺን ከይዝ ዎርከር ብምርኻብ ሓጺር ቃለመጠየቕ (welfare Interview) ክግበረልካ ኢዩ፣ ቀጺሉ ድማ ካልኣይ ጊዜ ነዊሕ ቃለመጠየቕ (substantive Interview) ክግበረልካ እዩ።

ኣብ ዝግበር ቃለመጠየቕ ስለምንታይ ካብ ሃገርካ ከምዝወጻእካ፣ኣብ መንገድኻ እንታይ ከም ዘጋጠመካ፣ እንታይ ዓይነት መሰናኽል ከምዝሓለፍካ ኣብ ትህቦ መግለጺ ዝትሓጋገዘካ ኣስተርጓሚ ክግበረልካ እዩ።



ኣብ ዓዲ ኢንግሊዝ ብጥንቃቐ ምንባር ማለት፣ ድሕነትካ ሕሉው ኮይኑ ክስምዓካ ኽሎ፣ ሙሉእ ምሕብሓብ ክግበረልካ፣ጥዕናኻ ዝተማልኤ፣ ምትብባዕ፣ ማለት እዩ።
እዚ እንታይ ከመይ ይስምዓካ?

### ድሕነትካ ሕሉው ምኻን ማለት...

እዚ ማለት ኣብ ትነብሮ ቦታ ብዘይፍርሃት ሕጉስ ኮንካ ምንባር ኮይኑ፣ ካብ ዝኾነ ሓደገኛ ነገር ነብስኻ ምእላይ እዩ።

ንደገ ኣብ ትወጻሉ ዝኾነ ፍርሓት ዘይስምዓካ ብነጻ ትዛወር ማለት ዩ።

### ዝተማልኤ ጥዕና ማለት ድማ...

ኣለይትኻ ጽቡቕ ክትበልዕ ኽሕጉዙኻ፣ኣካላዊ ምንቅስቓስ ክትገብርን፣ እንተተጸሊኡካ ሓገዝ ክትረክብ ክሕጉዙኻዝተፈላለዩ ኣብ ሂወት ዝጋጥሙ ነገራት ከጋጥሙኻ ይኽእሉ እዮም፣ ክጻወሮን ክምክቶን ይኽእል ኢየ ኢልካ ትኣምን ዲኻ።

### ኣብ ግምት ከም ዝኣቶኻ ዘሎ ስምዒት...

ምስ የዕሩኽትኻ፣ ኣብ ገዛ፣ ወይ ውን ኣብ ቤት ትምህርቲ ኣብ ትህልወሉ፣ ኣብቲ ማሕበሮም ከምዘለኻ ኮይኑ ክስምዓካ ከሎ። ዩ።
ምስ ዝተፈላለይ ብዙሓት ሰባት ኣብ ትራኸበሉ፣ ካልኦት ሰባት ኣብ ከባቢኦም ክትህሉ ዝደልዩኻ ኮይኑ ክስምዓካ ኽሎ።

### ምትብባዕ ከም ዝግበረልካ ማለት...

ሓድሽ ነገራት ትምሃር ኣለኻ፣ ጽቡቕ ውጺኢት ከምዝህልወካ፣ ርእሰትኣማንነት ምህላው
ኣለይትኻ ኩሉ ጊዜ ዓቕምኻ ዝፈቕዱ ኩሉ ጌርካ ዝበለጸ ክትከውን የተባብዑኻ።

### ሓልዮት ምርካብ...

ትቕመጦ ገዛ ጽሩይ፣ሙዉቕ፣ በቶም ኣለይቲ ኣብ ሊዕሌኻ ሓልዮት ዘለዎም ኮይኑ ክስምዓካ ኽሎ ዩ።
ኣብ ገዛ፣ ኣለይትኻ ክትዛረቦም እንተደሊኻ ጽን ኢሎም ክሰምዑኻን፣ ዝኾነ ሓገዝ ኢንተ ደሊኻ ክሕግዙኻን፣ ዝውሰድ ውሳኔታት ባዕልኻ ክትውስን ማለት ዩ።

### ክብረትካ ዝትሓለወ ምኻን ማለት...

ብዛዕባኻ ኣብ ዝግበር ውሳኔታት፣ ናትካ ሪኢቶን ሓሳብን ከም ዝስማዕን ኣብ ግምት ከምዝኣቱን ኮይኑ ክስምዓካ ኽሎ፣

ኣብ ጎንኻ ናትካ ሪኢቶ ዝሰምዑን ውሳኔ ኣብትወስደሉ ግዜ ዝትሓጋገዙኻ ሰባት ከምዘለዉ ኮይኑ ክስምዓካ ኽሎ ዩ።